ሆስፒታላትን ኽባቢኣንን ንህሙማት ሽኮርያ2 ወይ ድያቤተ 2 ዝህቦኦ ጥርኑፍ ህክምናዊ ኣገልግሎት ።
ጥርኑፍ ኣገልግሎት ማለት ኣብሞንጎ ቤተሰባዊ ሃኪም(medico di famiglia) ፤ ከባብያዊ ክሊኒካትን ሆስፒታልን ዝግበር ውድብ ህክምናዊ ኣገልግሎት ማለት እዩ። ዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቀሱ ትካላት ከወሃሃዱን ክተሃባበሩን ዘድለየሉ ዋና ምኽንያት እቲ ህሙም ብዝቀለለ መገዲ ምርመራታት ይኹን ኮንትሮል በብዕዋኑ እናገበረ ባህርይ ናይ ህማሙ ፈሊጡ ዘድልዮ ቁፅፅር ንእካሉ ባዕሉ ንባዕሉ ክገብር ሃበሬታት ምዕንቲ ክረክብ እዩ።
ሥራህ ናይቲ ሽኮርያ ዘለዎ ሰብ ቤተሰባዊ ሃኪም (medico di famiglia) ህፃን ተኾነ ኸኣ ነፃ ናይ ህፃናት ሃኪም ማለት (pediatria)…. ነቲ ህሙም ተከታታሊ ምኽሪ እናሃቡ ህማሙ ፈሊጡ ህይወቱ ከመይ ከምዝደፈዕ መገዲ ምትሃዝን ምቁፅፅራን ይኸውን ።
*ጥዕና ጣብያ ወይ ክሊኒክ ማለት፤*
ከም ትካል መጠን ነቲ ህሙም ዘድልዩ ኩሎም ዓይነት ምርመራታት ሙሉዕ ዘይጉድል ብቅልጡፍ ክህብ ተደራጀወ ትካል እዩ። እዚ ትካል
…ነቲ ህሙም ዘድልዩ በዓል ሙያታት፤ ምስቲ ህማሙ ዝተተሃሃዘ ምርመራታትን መሣርህታትን ላቦራቶሪታትን ከምኡውን እቲ ህሙም ኣካላዊ ጉድኣታት ተበፅሆ ናይመፈወሲ ቁሳቁሳት ዘማለአ እዩ።
….ኣብሞንጎ ህሙማትን በዓል ሙያታት ግሩፓት ወይ ጉጅለታት ብምፍጣር ጥዕናዊ ትምህርቲታት ዝህብ እዩ።
….ከምቲ ልሙዳዊ ናይ ቆፀር ማዕኸል (cup) ቆፀራ ወሲዶም ንዝመፁ ተገልገልቲ ምርመራዊ ኣገልግሎት ኸኣ ይህብ።
….ንህውኽ ማለት ዝተዛበአ ናይ ሽኮርያ ህማም ዘለዎም ተገልገልቲ ፍሉይ መዝገብ ሂዙ ተቀፃፃላይ ኣምቡላተርያዊ ኣገልግሎት ይህብ።
## *ሆስፒታል*
ኣብ ውሽጢ እቲ ሆስፒታል ብዝርከቡ ክፍሊ ህፁፅ ሃገዝ (pronto soccorsso) ከምኡ ውን በቶም መደባዊ ዝኾኑ ህዝባዊ ኣገልግሎታት ዝህቡ ዲፓርትመንታቱን ኣምቡሎተርዩኡን ገይሩ
..እቲ ሆስፒታል ነተገልገልቲ ህፁፅ ናይ ምድቃስ ወይ ከአ መደባዊ ፕሮግራም ዝሃዘ ህክምናዊ ሃገዝ ክረክቡ ይገብር።
..ውሽጣዊ ንህይወት ሃደገኛ ዝኾኑ ህዋሳዊ ምዝባአት ክመፁ ከሎዉ ቅልጡፍ ሆስፒታል ኣገልግሎት ይህብ።
..ከምኡ ዕውን በቲ ልሙድ ቤተሰባዊ ሃኪም ሰነድ ተጠቂምካ በቲ ማዕኸላዊ ቆፆሮ መውሰዲ (CUP) ቆፆሮ ብምግባር ምርመራታት ኣብ ሆስፒታላቱ ይገብር።
## *ካብ ሆስፒታል ምስ ወፃዕካ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት።*
በቲ ህማም ምኽንያት ኣብሆስፒታል ደቂሱ ንዝወፀ ሰብ ወይ ከአ ሃንደበታዊ ህፁፅ ኣገልግሎት ረኺቡ ንዝተሰነየ ኣካል ..በቶም ኣብ ጥቅኡ ዝርከቡ ጥዕና ጣብያታት ኣብ ፈሉይ መዝገብ መዝጊቡ ንቅድሚት ከመፅዕ ዝኽዕሉ ጥዕናዊ ምዝባአትን ሆስፒታል ናይ ምድቃስ ሰበባትን ምክልኻል ይገበር።
*ተወሳኺ ሃበሬታት ።*
ኣብታህቲ ዘሎዉ ቤትፅህፈታትን ናይ ጥዕና ትካላትን ምርካብ ይከኣል። ናይ ኣውራጃ ወይ ዞባ ጥዕና ክፍሊ ፓሌርሞ
Azienda Sanitaria Provnciale- ASP Palermo Tel 091-703.2383/3263/3611/6691 e.mail uourp@asppalermo.org
ፖሊክሊኒካዊ ሆስፒታል ዩኑቨርሲቲ ትካል Azienda ospedaliera universitaria policlinico "p Giaccone"
Tel 091- 6553686/3699 e-mail info@policlinico.pa.it
ሃገራዊ ዝለዓለ ሲቪካዊ ዲ ክርስቲና ቤን ፍራቴሊ Azienda Rilievo Nazionale Alta Specializzazione civico Di cristina Benfratelli. Tel 091-666.4714./4687 e-mail: urp@ospedalecivicopa.org
ትካል ማህበር ሆስፒታላት ቪላ ሶፍያ ቸርቬሎ Azienda Ospedali Riuniti "Villa sofia-Cervello"
Tel. 091. 680.2750 (Cervello) 091. 780.8139 (V. Sofia) e-mail: urp@ospedaliriuniti.it
*መተሃባበር መንደር ሥራህቲ 2*
ዶክተር ሲልቭዮ ቡቸላቶ
Coordinator Area Intervento 2
Dr Silvio Buccellato